# ዘሕጉስን ዘተባብዕን ጅማሮ

## ቀዳም May 3, 2008 ኣብከተማ ዋሽንግተን ዲሲ ኣብዝተኻየደ ምሸት ምትእኽኻብ ገንዘብ መህነፂ ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ሰማእታት ዓይደር ዘሕጉስን ዘተባብዕን ጅማሮ ተራእዩ!

ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ሰማእታት ዓይደር፣ ንሰማእታት መዘከሪ ንህልዋት መምህሪ ዝኸውን፣ ቀዋሚ መዘከርታን ኣገልግሎት ንክህብ ዝኽእልን ቅርሲ ንክኸውን፣ ኮሚቴ ኘሮጀክት ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ሰማእታት ዓይደር ዓቕምን ሓሳብን፣ ሓይልን ጥሪትን፣ ኩሎም ፈተውቲ ህዝቦምን ሃገሮምን ንዝኾኑ ወገናት ንምውዳድ ዓሊሙ ዕላዊ ምንቅስቓስ ካብጅምር፣ ካብ ኣባላት ኮሚቴ ወለድን መማህራንን ቤትምህርቲ ዓይደርን ካብ ህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይን ኣትሒዙ፣ ኣብመላእ ሰሜን ኣሜሪካን ኣብኤውሮፓን ብዝነብሩ ወገናትና ንእዳን ተቐባልነትን ኣዐሪዩ ዘተባብዕ ደገፍን እናረኸበ እዩ፡፡

ኮሚቴ ኘሮጀክት ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ሰማእታት ዓይደር ኣመፃፅኡ ኮነ ኣካይድኡ ካብ ዝኾነ ይኹን ፖለቲካዊ ውዳበ ወይ ድማ ሲቪክ ማህበራት ነፃ ኮይኑ ሓደን ሓደን ንዝኾነ ዕላማ፣ ህንፀት ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ሰማእታት ዓይደር ንምትግባር ብዘይ ገለ ፖለቲካዊ ወይ ናይ ኣረኣያ ኣፈላላይ ንኩሎም ወገናትና ኣብ ክሊ እዚ ዕላማ ንምትሕብባር ዝተልዓለ ህዝባውን ወገናውን ምትእኽኻብ ጥራሕ እዩ፡፡ ዓሸራይ ዓመት ዝክረ ዓይደር ብምምልካት ኣብቲ ዘስካሕክሕ ግፍዒ ዝተፈፀመሉ መረባ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዓይደር ቤተመፃሕፍቲን ኣብውሽጡ እውን ሓውልቲ ዝክረ ሰማእታትን ኣካለጉዱኣትን ዓይደር ንምህናፅ ኢና ተኣኻኺብና፡፡

ነዚ ቅዱስን ወገናውን ዕማም ንምስላጥ እውን ኮሚቴ ኘሮጀክት ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ሰማእታት ዓይደር ዕላምኡ ብዝተፈላለዩ መንገዲ እናፋለጠ ድሕሪ ምፅናሕ May 3, 2008 ኣብ ከተማ ዋሽንግተን ዲሲ ኣብዝካየዶ ፈላማይ ምሸት ምትእኽኻብ ገንዘብ መህነፂ ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ሰማእታት ዓይደር በዚ ዝስዕብ ዘሕጉስን ዘተባብዕን ጅማሮ ተመሲሱ ኣሎ፡፡

ቀዳማይ፣ ሓደ ግዱስን ፈታዊ ህዝቦምን ሃገሮምን ዝኾኑ ኣብ ኣሜሪካ ዝነብሩ ትግራዋይ፣ ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ሰማእታት ዓይደር ህንፀቱ ምስተፈፀመ ሙሉእ ብሙሉእን ኣድላይ ዘበለ መፃሕፍቲ ኩሉ ኣብቦትኡ ከምዘማልኡ ኣረጋጊፆምልና፣

ካልኣይ፣ ኣብዚ ናይ ቀዳም May 3, 2008 ምሸት ምትእኽኻብ ገንዘብ ልዕሊ 30,000 (ሰላሳ ሽሕ) ዶላር ሓገዝ ተኣኻኺቡ ኣሎ፡፡

ክቡራት ኣሕዋትን ኣሓትን፣

ነዚ ሓባራዊን ህዝባዊን፣ ቅኑዕን ቅዱስን፣ መፀዋዕታ እዋናዊ ምላሽ ንምሃብ ኣብወፃኢ ዘሎ ዓቕምና ኣብምውዳድ ኩላትና ብዘይ ገለ ኣፈላላይ ተሓባቢርና ኣብእንገብሮ ምንቅስቓስ ሙሉእ እምነት ኣሕዲርናን ሃቦ ሰኒቕናን፣ ንቲ ግፍዒ ዝወረዶ ህዝብና ቃል ኣቲና ሎሚ ኣብመበል ዓሸራይ ዓመት ግፍዒ ዓይደር፣ 28 ግንቦት 2000 ዓ/ም (June 5, 2008) ኣብከተማ መቐለ ኣብቅፅሪ ቤት ትምህርቲ ዓይደር ብድምቀት ኣብዝብዓል ዝክረ ሰማእታት ዓይደር እምኒ ኩርናዕ ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ሰማእታትን ኣካለጉዱኣትን ዓይደር ንምንባር ምድላዋት ጀሚርና ኣለና፡፡ እዚ ቤተመፃሕፍቲ እዚ ዘበናውነቱ ዝሓለወን ኣብውሽጡ ካብሓውልቲ ሰማእታት ህፃውንቲ ኣትሒዙ ክሳብ ማእከል ኮምፒዩተርን ኢንተርኔትን ከምዝህልዎ፣ በዚ እውን ፋሽታዊ ተግባር ጥፍኣትን ግፍዕን ፀላእትና ናብ ማእከል ፍልጠትን ምርምርን ስነጥበብን ብምቕያር፣ ሰማእታትና እናዘከርና ፍልጠት ወለዶ እንማዕብለሉ መርኣያ ቅርሲ ንምህናፅ እዩ፡፡

ስለዙይ ዝምልከተና ኩላትና፣ ነዚ ዋኒን ንምስላጥ ነናይ ዓቕምና ንኽነወፊ እናተዳመፅና፣ ኣብብዘለናሉ ከተማታትን ከባቢን ዝተፈላለየ ምድላዋት ብምግባር ብሓባር ኮነ ብውልቂ ብፅሒትና ክንገብር ብስም ሰማእታትን ኣካለጉዱኣትን ዓይደር መፀዋዕታና ነሕልፍ፡፡ ኣብመርበብ ሓበሬታ ዝክረ ዓይደር www.zkreayder.org ተዘርጊሑ ብዘሎ ቅጥዒ ሓገዝ (Donation Sheet) ወፈያኹም ንክትሰዱልና እውን ንላበው፡፡

ንዘሃብኩምና ቅኑዕ ምላሽ ኣቐዲምና እናመስገና እተወፍዩዎ ክንዲ ዝኾነ ይኹን መጠን ገንዘብ ብዘየግድስ ተዘርጊሑ ብዘሎ ቁፅሪ ሒሳብ ባንኪ ብቀጥታ ኣታዊ ንኽትገብሩ፣ ብቼክ ንእተወፍዩ ድማ AYDER MEMORIAL LIBRARY PROJECT ኢልኩም ንክትፅሕፉ እናዘኻኸርና፣ ንተወሳኺ ሓበሬታ ደውሉልና ወይድማ ኢሜል ልኣኹልና!

ምስዝኽበረ ሕውነታዊ ሰላምታ

ኮሚቴ ፕሮጀክት ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ሰማእታት ዓይደር
P.O. Box 41286, Arlington, Virginia 22204 USA
ስልኪ ቁፅሪ: (202)-232-9130 ወይድማ (571)-344-1335
E-Mail: AMeL@zkreayder.org
Website: www.zkreayder.org
SunTrust Bank Account Number: 1000061543723

*(Your donation is tax-deductible to the extent allowed by the USA law)*